# ነቲ ኻልኣይ ማሕተም ምስ ፈትሖ
## ራእይ ምዕራፍ 6፡3-4

## ትእምርቲ እቲ ሓመር (ቀይሕ) ፈረስ

### 1. ነቲ ኻልኣይ ማሕተም ምስ ፈትሖ (6፡3)።

#### 1.1. እቲዚፈትሖ ዘሎ መን እዩ? እቲ ገንሸል።

ነቲ ናይ ብድሆ ማሕተማት ኺፈትሖ <u>እንኮ፡ ብቑዕ</u> ዝኾነ (ራእይ 5፡1-5)። እቲ ብዙሕ ዝመለለዮታቱ ኣካል እዩ። ኣብዚ ጥራይ እኳ፣ ተሓሪዱ ከም ዝነበረ ዚመስል ገንሸል (5፡6)፣ ካብ ነገድ ይሁዳ ዝኾነ፣ እቲ ኣንበሳ (5፡5)፣ እናበለ ዝሰምዮ ዘሎ ኣካል እዩ። ነቲ ማሕተም በብሓደ ዚፈትሖ ዘሎ ድማ ንሱ እዩ።

ከምቲ ነቲ ቐዳማይ ማሕተም፡ ነዚ ካልኣይ ድማ ዚፈትሖ ዘሎ እቲ ብትእምርቲ ገንሸል ተሓቢሩ ዘሎ የሱስ ክርስቶስ፡ ነቲ መዓታት ኣብ ልዕሊ ንቤዛነቱ ዋጋ ንዘይህብዎ ዝለቆ ዘሎ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እቶም ተቐናቐንቱ "ካብ ገጽ እቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎን ካብ ቍጥዓ እቲ ገንሸልን ... ከውሉና ... እታ መዓልቲ ቍጥዓኦም መጺኣ እያ ..." ኢሎም ዘእወዩ (ራእይ 6፡16)።

#### 1.2. ምፍታሕ እቲ ማሕተም ናይ ምንታይ ትእምርቲ?

ይፈትሖ ማለት፡ ፈቐዶ፡ ኣዋደዶ፡ ኣብ ፍጻሜ ኣብጽሖ የስምዕ። ነቲ በዓል ኣምበላይ ፈረስ፡ ነቲ ኣምሰሉ ክርስቶስ ዝኾነ፡ ነቲ ናይ ሓሶት ክርስቶስ ናይ 6፡1-2 ኺኣምኑን ኺሰዕቡን ንዝደለዩ፡ ከምኡ ኺኣምኑ ኺለቆም እዩ። ግናኸ መሪር ሳዕቤናት ናይ እቲ ስሕተት ምርጫኦም፡ በቲ ትእምርቲ ናይ ሓመር ፈረስ ክሓፍስዎ እዮም።

የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ኣቐዲሙ ብትእምርቲ ተበጃዊ ገንሸል ንሰባት እተኸሰተ (5፡6) ኣብቲ ዘበን መወዳእታ፡ ኣብ ምድርን ሰማይን ወሰንቲ ዓበይቲ ጒዳያት ዚፍጸሙሉ ወቕቲ፡ ናይ ማዕዶ ተዓዛቢ፡ ተገራሚ፡ ዘንጊዑ ህርጉ በሃሊ ዘይኰነስ፡ ኩሉ እቲ ሽዑ ኣብ ዓለም ዝኸውን ፍጻሜታት ዘዋድዶ፡ ዘሳውሮ፡ ኣብቲ ናቱ ዕላማ ከይተኺለፈ፡ ከይተጓተተ፡ ከይፈሸለ ሽቶኡ ከም ዝጭምት ዚገብሮ ንሱ እዩ። እቲ ምፍታሕ ናይ እቲ ማሕተማት ኲሉ ትሕቲ ቁጽጽሩ ምዃኑ እዩ ዘመልከት።

#### 1.3. እቲ ካልኣይ ማሕተምከ እንታይ እዩ?

እቲ ማሕተማት ኣብዛ ዓለም እዚኣን ኣብ ኩሉ ፍጥረትን እንታይ ከም ዝኸውን ዚነግር ትንቢታዊ መዛግብቲ ኣምላኽ እዩ። እዚ መዝገብ እዚ፡ ብሰፊሑ፡ ንኣና ከም ብሉይን ሓዲስ ኪዳንን፡ መጽሓፍ ቅዱስ ተሰምዩ ተበርኪቱልና ዘሎ እዩ። ብፍሉይ ኣተኲሮ ድማ እዚ ትንቢታዊ ፍጻሜታት ናይ ራእይ ዮሃንስ እዩ።

### 2. ምፍታሕ እቲ ማሕተማት

ኣቐዲምና ብዛዕባ እንታይነት ናይቲ ማሕተማት፡ ምፍታሑ እንታይ ማለት ምዃኑ፡ እቲ ንእኡ ዚፈትሖ ብቑዕ መን ምዃኑ ተመልኪትና። ቀጺልና ብዛዕባ ትርጉም ትእምርቲ ምፍታሕ እቲ ካልኣይ ማሕተም ንመልከት።

#### 2.1. ዕድመ ንዮሃንስ በቲ ካልኣይ እንስሳ (ህያው)።

እቲ ካልኣይ ህያው፡ ብትእምርቲ ብዕራይ ተሓቢሩ ዘሎ ኣብ ራእይ 4፡7 "ንዓ እሞ ርኤ" ኢሉ ንዮሃንስ ይዕድሞ። ብምርሒት ናይዚ ዓዳሚ እዚ ድማ ዮሃንስ እቲ ትእምርቲ ናይ ሓመር ፈረስን ተወጢሕዎን ዘሎን ርእዩ። ንኣና ድማ መልእኽቲ ኣተሓላ ሊፋልና። ኣብቲ መደባት ኣምላኽ እቶም ልኡኻቱ ነናቶም ሕድሪ ዘማልኡ እዮም። ብዛዕባ እዞም ኣርባዕተ ህያዋን ናይ 4፡6-8 ኣቐዲምና እተዛተናሉ ኣብ .... ንመልከት)።

#### 2.2. ዮሃንስ ዝርኣዮ ትእምርቲ ሓመር ፈረስን እተወጥሖን.

*ሀ.* ሓመር፡ ሓመር ቀይሕ ሕብሪ እዩ። እቲ ሕብሪ ናይ እቶም ኣፍራስ ትእምርታዊ መልእኽቲ ኣለዎ። ሓመር ፈረስ ናይ ውግእ ምልክት እዩ። ተራ ውግእ ዘይኰነስ ኣዝዩ ዓቢ ውግእ ከም ዝኸውን ድማ ተኣሚቱ ኣሎ።

ኣቐዲሙ ወተሃደራዊ ምዃኑ ኣይተፈልጠን፡ ኣይተጸበይዎን። ግናኸ ኣብቲ ዝምችኡ እዋን ወተሃደራዊ እንታይነቱ ምግሃዱ በቲ "ወጻ" ዚብል ቃል ተኣሚቱ ኣሎ።

ቀጺሉ ካብ "ወጻ" ናብ "ዓብዪ ሰይፊ ተዋህቦ" ከም እተሳገረ ንምልከት። ተዋህቦ እንታይ ማለት እዩ? መንከ እዩ እቲ ዚህቦ? ስለምንታይ ተዋህቦ? ንሓድሕዶም ምእንቲ ኺቃተሉስ፡ ንሰላም ካብ ምድሪ ኼርሕቃ እዩ እቲ ዓቢ ሰይፊ ተዋሂብዎ። ከምቲ ንእዮብ ኺፍትኖ ኸሎ፡ ኣምላኽ ንድያብሎስ ዓቂኑ ዝለቐቐ፡ ነዚ ብመልክዕ ሓመራዊ ፈረስ ዝመጽእ ጸረ ክርስቶስ ድማ ከምኡ እቲ መሰል ነጻነቱ ኺውሃቦ እዩ።

ለ. ሓመር ፈረስ - ትእምርቲ ውግእ፡ እቲ ቐዳማይ ኣምበላይ ፈረስ፡ በቲ ኻልኣይ ሓመር ፈረስ ተተኪኡ። እቲ ብዓል ኣምበላይ ፈረስ፡ ሰላማዊ መሰል፡ ናይ ዲፕሎማስያ ሰብ፡ ብዲፕሎማስያ መፍትሒ ምርካብ ዘቐድም መራሒ እዩ። ቅድሚ ሓመራዊ መልክዑን ኣገባቡን፡ ኣምበላዊ ኣምሰሉን መልክዑን ኣገባቡን ኣቐዲሙ ይመጽእ (2ይ ቈረ 11፡14)። ብድሕሪኡ፡ ኣገባብ ለዊጡ፡ ብሓይሊ፡ ብደም ምፍሳስ መፍትሕን ዓወትን ኺገብር ወትሃደራዊ ኣገባባት ዚወስድ እዩ። ኣብዚ ከይበጽሐ ከሎ ዘለልዮ፡ ናይ ሓሶት መሲህ ምዃኑ ዚፈልጦ፡ ዜጋልጾ የሱስ ክርስቶስ፡ እቶም ብእኡ ዝለበሙ ኣለዉ። እዚ ትእምርቲ ናይ ኣምበላይ ፈረስ፡ እቲ ክኢላ ምስ መጾም፡ ንምሉእ ዓለም ኣድላዪ መሲሉ ኺርኣዮም እዩ፤ ኪቕበልዎ ድማ እዮም። ከም ስምረትን ስርዓትን ዘምጽእ ኣካልን ኰይኑ ምስ እዩ

ዘምጽእ።

ሐ. ነዚ ሓመር ፈረስ ዚውጥሖ ኣካል መን እዩ? በቲ ተግባሩ ናይ ሚሊታሪ ሰብ፡ ጅግና ይመስል። ንሰላም ካብ ምድሪ ኼርሕቓ ተዋህቦ። ህውከተኛ ሰብ፡ ፈጣር ዕግርግር እዩ። ንሰላም ካብ ምድሪ ዘርሕቓኸ ከመይ ገይሩ እዩ? ንሰባት ንሓድሕዶም ከም ዚቃተሉ ይገብሮም። ፈታው ውግእ እዩ።

ዓብይ ሰይፊ'ውን ተዋህቦ እንታይ ማለት እዩ? ከምኡ ግበር ተባሂሉ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ? እቲ ዓቢ ህልቀት ካብ ደለይዎ፡ እቲ ዝመደብክምዎ፡ ዝተመካሕኩሙሉ እኒሄልኩም ማለት እዩ። እቲ ህልቂት ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ውግኣት ብስፍሓቱን ህልቂቱን ሓለፍ ዝበሎ፡ ዘሰክሕን ሰፊሕን ክኸውን እዩ።

ኣብ ገለ ቅድሚ ሕጂ ዝኾኑ ውግኣት እስከ ንመልከት (ህዝ 14፡21 39)። ኣብ ዓለም ቅድሚ ሕጂ ካብ እተፈጸሙ ዓበይቲ ውግኣት ዘሰካሕክሕ ክኸውን እዩ። እቲ ካልኣይ ማሕተም ምስ ተፈትሐ፡ እዚ ሕጂ ተገቲኡ ዘሎ ብረታውን ወተሃደራውን ምህንዳዳት ዝልቀቐሉ ጊዜ ኺመጽእ እዩ (2ይ ተሰ 2፡6-8)።

ዮሃንስ ዝጸሓፈ ብ 94 ድ.ል.ክ.፡ ብድሕሪ እቲ ብ 70 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ እተፈጸመ ዕንወት ናይ የሩሳለም እዩ። ናይዚ ታሪኽ ዮሲፈስ ጽሒፍዎ ኣሎ። ማቴዎስ 24 ድማ መስትያት ናይ እቲ ዳሕራይ ዚመጽእ፡ በቲ ብ 70 ዝኾነ ክንርድኦ ምእንቲ ኽንክእል እዩ ድርብ ትርጉም ዘለዎ።

ወንጌል ማቴዎስ 24፡ ንኣብነት፡ ክልተ ኣተኵሮ ዘለዎ፡ ነዚ ካልኣይ ማሕተም ናይ ራእይ ዮሃንስ ዚምልከት እዩ።

ቀዳማይ ነቲ ብ70 ድ.ል.ክ.፡ ማለት ድሕሪ 40 ዓመታት ድሕሪ እቲ ናይ ደብረ ዘይቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ትንቢት እተፈጸመ ዕንወትን ህልቂትን ናይ የሩሳሌም የመልከት። ካልኣይ፡ ዮሃንስ 20 ዓመታት ድሕሪ ዕንወት የሩሳሌም እዩ ዝንበ ዘሎ። ስለዚ እቲ ዕንወት ናይ የሩሳሌም ንእሽቶ መስትያት (ትንቢት) ናይቲ ዳሕራይ ዝመጽእ ዝዓበየ ዕንወት ዓለም እዩ።

ራእይ 9፡16 ብዛዕባ 200,000,000 ዘኽተቱ ወተሃደራት ይዛረብ። በዚ ዮሃንስ ዝተነበየሉ ዘበን ይትረፍዶ ክንድዚ ሰራዊት ከኽትት ዝኽእል መንግስትስ፡ ክንድኡ ዝኾኑ ህዝቢ ዓለም እኳ ኣይነበሩን ሽው። ቍጽሪ ህዝቢ ዓለም ሓደ ቢልዮን ዝኣተወ ድሕሪ 1,900 ዓመተ ምህረት እዩ ይብሃል። በቲ 2ይ ውግእ ዓለም እተሰለፉ ድምር ወተሃደራት ናይ ክልቲኦም ደምበታት 70,000,000 እዩ ነይሩ ይብሃል።

በዚ ሕጂ ዘሎናዮ ኵነታት ዓለምና ግና እቲ ኪኸውን ዚኽእል ህልቂትን ኪኽትት ዚኽእል ሰራዊትን ኪማላእ ይኽእል እዩ። ነዚ ኪእምት እዩ ራእይ 6፡3-4፡ ብዛዕባ ***ዓቢ ሰይፊ*** ዚዛረብ። ማቴዎስ 24፡6-7 ድማ ደረጃ ናቲ ዝመጽእ ውግእ ብዘበን እቲ ጸረ ክርስቶስ ታእላው ዘይብሉ ምዃኑ የመልክቶ።

እዚ ራእይ 6፡3-4 ዝዛረበሉ ዘሎ ሓደ ዓቢ ሓፈሻዊ ውግእዶ እዩ ወይስ ሓደ ፍሉይ ዝዓበየ ውግእ ዓለም? ማቴዎስ 24 ብዛዕባ ተኸታተሊ ዓበይቲ ውግኣት ይዛረብ። ቕድሚ ሕጂ ኣብ ዓለም ርኢናዮም ዘሎና ቀዳማይን (1914-1918)፡ ካልኣይን (1939-1945) ውግኣት ዓለም፡ ብብዙሕ ትዕዝብትታት እቶም ዝዓበዩ እዮም።

ማቴዎስ 24፡22 ተኸታታሊ ውግኣት ምስ ሓበረ፡ ብዛዕባ ናይ መዘና ዘይብሉ ዘስካሕክሕ ውግእ ትንቢት ድማ ይነግር። ብነሓሰ 6፡1945 ብሓንቲ ኣቶሚክ፡ ቦምብ ኣብ ሂሮሺማ ዳርጋ 80,000 ዝኣኸሉ ብቕጽበት ተቐቲሎም። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ድማ ኣብ ናጋሳኪ ከምኡ ብሓንቲ ኣቶሚክ ቦምብ ልዕሊ 10,000 ዝኣኸሉ ሰባት ሞይቶም። ሕጂ ዘሎ ዓቕሚ ናይ በብዓይነቶም ነተጕትታት ድማ ማእለያ ዘይብሉ ዝተዓጻጸፍ ህልቂታት ከኸትል ዚኽእል እዩ።

ሓደ ናይ ሎሚ ተተኳሲ ማዕረ 80,000 X 200 = 16,000,000 ብሓንሳእ፡ ብሓደ ሰከንድ፡ ኼጥፍእ ይኽእል ተባሂሉ ይግመት። ዓበይቲ ሃ-ቦምብታታት ማዕረ 3,000,000,000 ሰባት ኬጥፍእ ዚኽእል ከም ዘሎ ድማ ይንገር እዩ።

መርከብ ፖሳይደን፡ ንኣብነት፡ ካብ 3,000 ማይልስ ርሒቓ እትውንጭፎ ከቢድ መሳርያ 80,000 X 2 ½ = 200,000 ሰባት፡ ብቕጽበት፡ ከጽንት ይኽእል።

ኣመሪካን ናይ ሶቭየት ሕብረትን ከዚነንአ ዘለዋ ቦምብታት ካብቲ ብካልኣይ ውግእ ዓለም ከሎ ዝነበረ 700 ዝተዓጻጸፍ ምዃኑ ይንገር። እዚ የሱስ ኣብ ማቴዎስ 24፡ ዮሃንስ ድማ ኣብ ራእይ ዮሃንስ ዚዛረብሉ ህልቂት፡ ብዘበን ቀደም ዘይከኣል እዩ ነይሩ። ንእኡ ዚኸውን፡ ዘብርስ ዓቕሚ ኣይነበረን። ሕጂ ግና ኣሎ። ነዚ ኣጽዋር፡ እግተን ሓያላት መንግስታት ገሊኡ ኣብ ትሕቲ መሬት፡ ገሊኡ ኣብ ትሕቲ ቀላይ፡ ገሊኡ ድማ ኣብ መራኸብ ጽዒናምዎ ኣለዉ። ተለኻኺምካ ምህናት ምዃኑ እናረኣዩስ ይጥቀሙሉዶ? ሓያላት ሓጺን ሰንጢቑ ዝኸይድ ብርቱዕ ብርሃን፡ ባዮሎጂካዊ መሳርያታት ውግእ፡ ስነ ቀመማት፡ ናይ ነርቭ ጋዝ፡ ንዩትሮን ቦምብታት፡ ሰብ ኣህሊቑ ንብረት ዘየብርስ ቦምብታት ከዚኖም ኣለዉ። ካልኦት ዝነኣሱ መንግስታት ድማ ከርከቡ ይደፍኡ ኣለዉ።

ከምዚ ገይሩ ዝተዓጥቀስ ንሰላም ካብ ዓለም ኬርሕቓ ይኽእል እዩ። ስለዚ እዩ "ዓቢ ሰይፊውን ተዋህቦ፡" ኪብል ከሎ፡ ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝተኻየዱ ውግኣት ዝሰፍሐ፡ ዝመረረ ከም ዚኸውን ይንበ

ምህላዉ ኣሚቱልና ዘሎ ነቕልበሉ።

ሰይጣን ብሃይማኖታውን፡ ብስነ ኣእምሮኣውን ጥበራታት፡ ንዓለም እናሰዕረ ከምበርከኻ ዝዕጠቓሉ መኸተታቱ፡ በቲ ብዓል ኣምበላይ ፈረስ፡ ብትንቢት ናይ 6፡1-2 ተሓቢሩልና ኣሎ። ቀጺሉ ግና፡ ንምልከቶ ዘሎና ራእይ 6፡3-4 ከም ዝሕብሮ፡ ውግኣዊ ስጉምትታት ኪወስድ እዩ (ራእ 12፡7-9 ድማ ንመልከት)።

ሰይጣን ናብ ምድሪ ምስ ተደርበየ፡ ብሄዋንን ኣዳምን ጀሚሩ ኣብ ኤድን ጀሚሩ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ውግእ እዩ ዘሎ። ውግእ የካይድ ኣሎ (ኤፌ 2፡1-2 ዘተምብሆ ድማ ነቕልበሉ)። ብዘበን እዚ ኣተኩርናሉ ዘሎና ትንቢት ድማ ምህንዳድ ሰይጣን ኺብርትዕ እዩ (ራእ 12፡12)። እዚ ህንዱድ ውግእ ግና በቲ ምቍጽጻር ናይ የሱስ ክርስቶስ ኺዕገት እዩ (ማቴዎስ 24፡21-22)